# ኤርትራዊ ህላዊነትን መንነትን

ኤርትራ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ጻዕርን ጥሙር ቃልስን ንኽብሪ ሃገራዊ ህላውነትን ናጽነትን ብዙሕ መስዋኣቲ ከፊልና ናይ ናጽነት ንጹህ ኣየር ከነስተንፍስ ምኽኣልና ዘይተዋሕጠሎም 0.02% ዝኾኑ ብወልቀ ሰባት ይኹን ብቡድን ከምዘለው ኣብዘሐለፉ ዓመታት ክንዕዘብ ምኽኣልና ግሁድ እዩ ኤርትራዊ ናጽነት ብልመና ኣይመጸን ኤርትራዊ ናጽነት ብህያብ ኣይመጸን ኤርትራዊ ናጽነት ብወረቐት ኣይመጸን ኤርትራዊ ናጽነት ብስምምዕ ኣይመጸን ኤርትራዊ ናጽነት ጀጋኑ ኤርትራውያን ክቡር ሂወቶም ኣወፊዮም ዝተረኽበ ብገንዘብ ዘይቅየር ዕሙቕን ከቢድን ናጽነት እዩ።

እቶም ክቕበልዎን ክርደኦምን ንዘይደልዩ ከተረዶኦም ከቢድ እዩ ምኽንያቱም ገሊኦም ብገለ ዝኾረዩ ገሊኦም ብጥቕሚ ዝተገዝኡ ገሊኦም እከሌ ካብበለ ኣነውን ምስኡ ዝብሉን ገሊኦም ውልቃዊ እምነትን ሐሳብን ስለዘይብሎም ብያማሙቶን ብመለስን ብዝወሃቦም ናይ ጥፍኣት ምኽሪ ተዋፊሮም ንትእዛዞም ኣሜን ኢሎም ሰጊዶም ካብ ምትግባር ንላዕሊ ካልእ ስራሕ የብሎምን።

እዞም ከዳዓት ከምቲ መዓኮሩ ዝተወግኤ ከልቢ ከምልቡ ኣይንቁን ዝበሃል ብምዕራባውያን ኩባንያታት መርፍእ ስለዝኸዱ ንሃገራዊ መንነቶምን ሃገሮምን ኪሒዶም ኣብ ገምገም ጸድፊ ጠጠው ኢሎም ከምቶም ዝሐለፉ ከዳዓት ብፍርሒ ደቒቓን ሰዓትን ኣብምቑጻር ይርከቡ።

ኣብ ዝሐለፈ ቅንያት 15 ከዳዓት ውልቀሰባት ትእዛዝ ምዕራባውያን ንምፍጻም ናብዝተፈላለያ መሬት ትግራይ ተላኢኾም ንሰራዊት ወያኔ ከሞግሱን ምስቶም ኣብ ኣራት ኪሎ ተዓቢጦም ንኤርትራዊ መሬትና ገቢቶም ምስዘሎው ጸበብቲ ጭፍራ ጠጠው ኢሎም ንሕድሪ ስውኣት ኤርትራውያን ኪሒዶም ዘይከውን ጸልማት ሕልሚ ሐሊሞም እንዳሰሐቑ እንዳበልዑን እንዳሰተዩን ኣንጻርናን ኣንጻር ሃገርናን ክጻረፉን ከናሹውን ክንርእዮም ከለና ንንዕቆም ከምቲ ኣቦታትና ዝብሉዎ ውርደቱ ዝርስዕ ዝሃብዎ ዘኮማስዕ ዳርጋ ኣድጊ ዝበሃል ዝመሳሰል ስለዝኾኑ።

እቲ ዘገርም ነተን ምዕራባውያን ኩባንያታት ክሐቱወን መሰል ዘይብሎም ክነሶም ንዓና መዓልታዊ መሰል ሃይማኖት ፕረስ ናጽነት እንዳበሉ ከምካሴት ተመሊኦም ደጋጊሞም ክደርፉ ንሰምየም ኣለና እተን ዘዋፍርኦም ሃገራት መሰል ውልቀ ሰብ ይኹን መሰል ሃይማኖት ዘየኽብራ ፍትሒ ኣልቦ ምኻነን ክፈልጡ ምተገበኦም ግን መን ምስፈቐደሎም።

ኣብዝኾነ ሃገር ቅድም ቀዳድም ህላወ ሃገር ልዕሊ ኩሉዩ ዝስራዕ ፕረስ ናጽነት ስቕ ኢልካ ቁንጽብ ኣቢልካ ተብቁሎ ወይ ተዋልዶ ዓይነት ፍረ ኣይኮነን ወይ ጭቃ ጠፍጢፍካ ዝስራሕ ዕትሮ ኣይኮነን ፕረስ ናጽነት ከከም ሃገራዊ ምስልን ተግባርን ተዋሂሂዱ ዝኸይድ መስርሕ እዩ እንኳን ኣብ ሐዳሽ ሃገርና ይትረፍ ኣብተን ማዕቢልና ዝብላና መዝመዝቲ ሃገራት ሙሉእ ፕረስ ናጽነት ኣሎ ዝብሉና ሰባትእንተለው ከምዝተጋገዩ ክንሕብሮም ንፈቱ ኣብ ኣሜሪካ ይኹን ኣብ ኣውሮፓ ሙሉእ ናይ ፕሬስ ናጽነት ኣሎ ዝብሉና እንድሕሪ ኮይኖም መልስና ሕጂውን የሎን እዩ።

ኣብዚ ዘለናሉ ግዜ መራኽቢ ብዙሐን ዓለምና ማእከላይ ዘይኮነ ንዝተወሰና ምዕራባውያን ሃገራት ጥቕሚ ጥራሕ ከምዘገልግል ኮይኑ ይሰርሕ ከምዘሎ ንርኢ ኣለና ናይ ትማሊ ጎረቤትና ኢትዮጵያን ናይ ሎሚ ጆርጅያን ሐደ ምስክር እዩ ዋላ ኣብቲ ምርጫ ዝነበረ ኩነታትን ዓላማን ብቦታን ብሕብርን ይፈላለ ይኸውን ብዓይነቱ ግን ሐደ ዓይነት እዩ ኮይኑ ግን ዴሞክራስያውያን ሃገራት ተባሂለን ክጽዉዑወንን ክማጎቱለንን ናይ ምዕራባውያን ማዕከናትውን ወገናዊ ዝኾነ ዘይሐቂ ሐበሬታ ክህባ ንዕዘብ ኣለና።

ንዓና ኤርትራውያን እዚ ተግባር ሐዲሽ ኣይኮነን ካብቀደም ስለንፈልጦም ብተግባሮም ንንዕቆም ብዘይፍልልይ ንሐድነትና ኣደልዲልና ንራእይናን ሃገራዊ እምነትናን ብጽንዓትን ብትብዓትን ብናህርን ብፍናንን ልዕሊኦም ከምንኸውን ንሐቅነትና ንዘክሮም።

ርእሰ ናጽነት ብዘይ ሃገራዊ ህላዊነት ቦታን ትርጉምን የብሉን ንሕና ኤርትራውያን ፕሬስ ንጥቀመሉ ንናይ ሐባራዊ ጥቕሚ ዝውዕል ሃገራዊ ሐድነት ዝሕሉ ንናይ ሐባር ራእይን እምነትን ዘውንን ንባህልናን ናጽነትናን ዘደልድል ኮይኑ መዓልታዊ ብዘይፍልልይ ነንሒድሒድና ነዕልሉን ንመሃሃረሉን ስለዝኾነ ንሕና ኣበይ ንሃሉ ጸገም የብልናን ድሐርከኣ ኤርትራዊ ናጽነትና ብመስዋእቲ ብዙሐት ዝተረኽበን ክቡርን ልዑልን ምኻኑ ስለንፈልጥ ከምቲ ስራሕ ዝሰኣነ ፈላሲ ቆቡዑ ቀዲዱ ይሰፊ ዝበሃል ዓይነት ልኣኻት ምዕራባውያን ንሐድነትና ብዓድን ብኣውራጃን ፈላልዮም ንኤርትራዊ ጥቕምናን መንነትናን እንዳተጻረሩ ዝኾነ ዘይኮነ ብዛዕባ ኤርትራዊ ኣሰራርሐናን ፖለቲካዊ እምነትናን ክዛረቡ መሰል ከምዘይብሎም ክንሕብሮም ንፈቱ ምኽንያቱም ንኤርትራዊ ህላዊነትን መንነትን ክሒድካ መሰል ስለዘይሕተት።

ዓወት ንሐፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል
20-08-2008